Australian Government

Department of Home Affairs

# Privacy notice

# ብዛዕባ ዕቃበ ምስጢር መጠንቀቕታ

Form

**1442i TIG**

TIGRINYA

Department of Home Affairs (*ናይ ሆም ኣፌርስ መምርሒ*) (*እቲ መምርሒ*) ንናይ ኣውስትራሊያ ሓለዋ ዶብ ሓይሊ ዘጠቓልል እዩ። ካብ ውልቀሰብ ብሕታዊ ዝኾነ መረዳእታ ክንወስድ እንከሎ ብናይ ሓደሓደ ውልቀሰባት ጉዳያት ዚምልከት ክነተሓሳሰብ ከምዘለና The *Privacy Act 1988 (ናይ ዕቃበ ምስጢር ኣንቀጽ ሕጊ 1988 ዓ.ም)* (ናይ ዕቃበ ምስጢር ኣንቀጽ ሕጊ) ይሓትት እዩ። በዞም ቀጥዒ ኣቢሉ ነዚያቶም ጉዳያት ንክተፍልጡሉ እዩ።

## ብሕታዊ መረዳእታ እንታይ ማለት እዩ?

ብናይ ዕቃበ ምስጢር ኣንቀጽ ሕጊ ከምዝቀረበ ግላዊ መረዳእታ ማለት ንሓደ ውልቀሰብ መንነት ብግቡእ ንምፍላይ ተባሂሉ ዝውሰድ ብሕታዊ መረዳእታ እዩ።

ከምኡ’ውን ብናይ ዕቃበ ምስጢር ኣንቀጽ ሕጊ መሠረት ዚኻተት ሓደሓደ ስሚዒት ዝትንክፍ ብሕታዊ መረዳእታ እቲ መምርሒ ከምዝእኽብን እዚ’ውን ብዛዕባ ናይ ውልቀሰብ ዓሌት ወይኻዓ ዚመጸሉ ዓሌት፤ ጾታዊ ኣገላልጻ ወይኻዓ ተግባር፣ ሪኮርዲ ገበን ወንጀል፤ ናይ ጥዕና መረዳእታን ናይ ባዮመቲክስ/biometrics መረዳእታ፣ ብዛዕባ ሞያተኛን ንግዲ ማሕበር ኣባል ምዃን፣ ብዛዕባ ሓይማኖታዊን ፍልስፍና እምነት ወይኻዓ ንናይ ፖለቲካ ማሕበር ኣባል ምዃን ዘሎ መረዳእታ ይኸውን።

በቲ መምርሒ ሕጊ ኣወጻጽኣ ቁልፊ ዝኾነ ክፍሊ *Migration Act 1958* (the Migration Act) (*ናይ ማይግሪሽን ሰደተኛ ኣንቀጽ ሕጊ 1958* (ናይ ማይግሪሽን ኣንቀጽ ሕጊ))፤ *Customs Act 1901* (the Customs Act) (*ናይ ጉምሩኽ ቀረጽ ኣንቀጽ ሕጊ 1901* (ጉምሩኽ ቀረጽ ኣንቀጽ ሕጊ))፤ ናይ *Immigration (Guardianship of Children) Act 1946* (the IGOC Act) (*ኢሚግሬሽን (ንሕጻውንቲ ሓልየት ምግባር) ኣንቀጽ ሕጊ* 1946 (the IGOC Act))፤ ናይ *Excise Act 1901* (the Excise Act) (*ናይ መውጽኢ ኣንቀድ ሕጊ 1901* (መውጽኢ ኣንቀድ ሕጊ))፤ ናይ *Australian Border Force Act 2015* (the Border Force Act) (*ናይ ኣውስትራሊያ ሓለዋ ዶብ ሓይሊ ኣንቀጽ ሕጊ 2015* (ሓለዋ ዶብ መገደዲ ሓይሊ))፤ ናይ *Maritime Powers Act 2013* (Maritime Powers Act) (*ናይ ማሪታይም ሥልጣን ሓይሊ ኣንቀጽ ሕጊ 2013* (ማሪታይም ሥልጣን ሓይሊ ኣንቀጽ ሕጊ))፤ ከምኡ’ውን *Australian Citizenship Act 2007* (the Citizenship Act) (*ናይ ኣውስትራሊያ ዜግነት ኣንቀጽ ሕጊ 2007* (ናይ ዜግነት ኣንቀጽ ሕጊ)) ከምዝኾነ እዩ።

## ብሕታዊ መንነትካ መለለዪ

ኣብ ማይግሬሽንን ዜግነት ኣንቀጽ ሕጊ ውሽጢ ብዛዕባ ሓበሬታ ምእኻብ፣ ምጥቃምን ወይኻዓ ኣውጺእኻ ንኻልእ ኣካል ምሃብ ማለት ከም ባዮመትሪክስ (ከምኡ‘ውን ’ግላዊ መንነትካ መለለዪ ተባሂሉ ንዝፍለጥ’ ሓበሬታ ግልጺ ዝኾነ መግለጺ ይህብ እዩ)።

ብዛዕባ ግላዊ መንነትካ መለለይ ኣንቀጽ ሕጊ ኣገላልጻ ዚኻተት:

- ናይ ጻዕብቲ ኣሸራ ወይካዓ ናይ ኢድ ኣሸራ
- ናይ ገጺን ማዕገራት ገጽታ
- ብድምጺ ወይኻዓ ቪዲዮ ዝርኣይ ምቅዳሕ (ንማይግሪሽን ኣንቀጽ ሕጊ ጉዳይ ጥራይ ከምኡ’ውን ንሓደሓደ ውሱን ነገራት ዘጠቃልል)
- ንቁመትን ኽብደት መእቃን
- ከባቢ ዓይኒ ዝርኣይ/iris scan
- ናይ ሰብ ፊርማ፣ ወይካዓ
- በቲ ሕጊ ዝተገልጾ ካልእ ዝኾነ ናይ መንነት መለለዪ።

ናይ ባዮመትሪክ/Biometric ኣሸራ መረዳእታ (ግላዊ መንነትካ መለለይ) ምናልባሽ ካብ ግለሰባት ምውሳድን ወይኻዓ ምፍላጥ ይኻኣል እዩ:

- ጉዕዞ ክግበር እንከሎ ካብ ኤርፖርቲ
- ኣብ ሃገር ውሽጢ ኾይንካ ቪዛ ንዘምልክቱ (ንመከላኸሊ ቪዛን ዘምልክቱ ዘኻተተ)
- ኣብ ኣውስትራሊያ ማሕበረሰብ ውሽጢ ኾይኖም ዜግነት ንዚይብሎም
- ኣብ ኢሚግሬሽን ማዕሰርቲ ንዘለዉ
- ንናይ ኣውስትራሊያ ዜግነት ዘመልከቱ ይኸውን።

## መምርሒ ቢሮ እንታይ ከምዝገብርን ንኣና ንምርካብ ዝርዝር መግለጺ

ናይቲ መምርሒ ተልእኾ ዕላማ ናይ ኣውስትራሊያ ዶብ ምክልኻልን ብከባቢ ንዝግበር ናይ ሰባትን ኣቕሑት እንቅስቓስ ምቈጽጻር እዚ’ውን በዚ ዝስዕብ ኣስተዋጽኦ ጌርኻ ምርግጋጽ ይኸውን:

- ማይግሬሽን/ስደተኛ ብምቊጽጻር ናይ መጻእ ኣውስትራሊያ ሓልየት
- ናይ ስደተኛ ሓልየትን ብናይ ዓለምለኽ ሰብዓዊ ፖሊሲ ዘሎ ኣስተዋጽኦ
- ብናይ ዶብ ምቊጽጻርን ናይ ጉዕዞ ዕድል ምርኻብ ናይ ኣውስትራሊያ ድሕንነት
- ናይ ዶብ ኣቕርቦትን ንግዲ ስታስቲክስ ጠረ መረዳእታ ምእኻብ
- ሕጋዊ ዝኾነ ንግዲ ሥራሕ ምሃብ
- ናይ ኣውስትራሊያ ማሪታይም/maritime ድሕንነትን ናይ ንግዲ ድሌታት
- ብናይ ኣውስትራሊያ ኢሚግሬሽን ሕጊ ምኽታልን ብዝውሃብ ውሳነ ምጽናዕ
- ንናይ ኣውስትራሊያ ዜግነት ሕጊታት ምምሕድዳር እዩ።

ንክተዘራርብ ሙሉእ ኣድራሻ ኣብቲ መምርሒ ዌብሳይቲ **www.homeaffairs.gov.au** ክትረኽቦ ትኽእል።

ናትኹም መርዳእታ ብዘይኣገባብ ብጌጋ ወሲድና ሂዝናዮ ኢና ብዝብል ተኣሚንካሉ ክትገብሮ ትኽእል:

- ኣብ ዌብሳይቲ፡ **www.homeaffairs.gov.au/feedback** መስመር ንናይ ርእይቶ መሃቢ ቀጥዒ ምምላእ
- በዚ ዝስዕብ ምጽሓፍ:
  The Manager
  Global Feedback Unit
  GPO Box 241
  Melbourne VIC 3001
  Australia

## በቲ መምርሒ ናትኹም ብሕታዊ ሓበሬታ ካብ መን ከምዝወሰድ

ብሓፈሽኡ እቲ መምርሒ (ወይኻዓ ኮንትራት ብዝገበረ ግልጋሎት ውሃብቲ) ናትኹም ብሕታዊ መረዳእታ ብቐጥታ ካባኹም፤ ንኣኻ ወኪሉ ክንቀሳቐስ ሥልጣን ካብዝሃብካዮ ሳልሳይ ኣካል ወይኻዓ ብናይ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊ መሰረት ሥልጣን ኣወሃህባ ሜላታት ዘጠቓልለ ስማርትጌት/SmartGate ከምኡ’ውን ብናይ ኣውቶማቲክ ናይ ዶብ ሓለዋ መጻረይ ብሕታዊ መረዳእታ ይወስድ እዩ። ከምኡ’ውን ንናትኹም ብሕታዊ መረዳእታ ካብ ሳልሳይ ኣካል ምውሳድ ንኽእል ከምዝኾነ እሞ በዚ ዚኻተት ካልእ ናይ ኣውስትራሊያ መንግሥቲ ድርጅታት፣ ብሕጊ ኣገደድቲ ድርጅታት፣ ናይ ወጻእ መንግሥታት፣ ናይ ስፖንሰር ደገፍቲ፣ ናይ ሕክምና ሰበሞያተኛታት፣ ንዝመረጽኻዮ ድርጅታት፣ ውሃብቲ ትምህርቲ፣ ቆጻሪታትን ሕዝባዊ ኣባላት እሞ መረዳእታ ንምሃብ ነቲ መምርሒ ቢሮ ዘዛራርቡ እዮም (ንኣብነት፡ ‘ንጥቆማ ብስልኪ ዝድውሉ’)።

© COMMONWEALTH OF AUSTRALIA, 2020

## ንናይ ኢሚግሬሽን ኣገልግሎታት ዘኻይዱ ድርጅታት ወይካዓ ኮንትራክተራት

ሓደሓደ ንናይ መምርሒ ሥራሕቲ ንምግባር ተባሂሉ ንኣና ወኪሉ ካልእ ሥልጣን ዘለዎም መንግሥታዊ ድርጅታት ኣቢሉ ሓደሓደ ብሕታዊ መረዳእታ ምውሳድን ምጥቃም ይኽእሉ።

ብተወሳኺ'ድማ ን ኣና ብዝውክሉ ኮንትራክተራት ብሕታዊ መረዳእታ ምውሳድን ምጥቃም ይኽእሉ። ንኣብነት፡ ብናይ ኣየር መንገዲ ብኽልቲኡ ዝወጽእን ዝኣትው በረራ ኣየር ቆጺምካ ናይ ተሳፋራይ ከይዲ፣ ብኮምፑውተር ኣሰራርሓ፣ ናይ መጽናዕቲ ፍተሻ/ቃለሕቶ ንናይ ኢሚግሬሽን እስረኛታትን ንናይ ሕክምና ኣገልግሎት ሓገዝ ዘጠቓለለ እዩ።

ናይቲ መምርሒ ኮንትራክተራክተራት ኣብ ኣቅስትራሊያ ወይኻዓ መጻእ እንተኾኑ'እውን ብናይ ዕቃብ ምስጢር ኣንቀጽ ሕጊ መሰረት ተኸቲሎም ተግባራዊ ክገብሩ ኣለዎም።

## ብሕጊ ፍቃድ ንዝረኸበ ወይካዓ ኣድላይ እንተኾይኑ ንናትኻ ብሕታዊ መረዳእታ ምውሳድ

ናይ ማይግሪሽን ኣንቀጽ ሕጊ፣ ናይ IGOC ኣንቀጽ ሕጊ፤ ናይ ጉምሩኽ ቀረጽ ኣንቀጽ ሕጊ፤ ናይ መውጽኢ ኣንቀጽ ሕጊ፣ ናይ ማሪታይም ስልጣን ኣንቀጽ ሕጊ፤ ናይ ዜግነት ኣንቀጽ ሕጊን ናይ ዕቃብ ምስጢር ኣንቀጽ ሕጊ ከምዝፈቅዶን ነቲ ኣንቀጽ ሕጊ ተግባራዊ ንምግባር ሓደሓደ ብሕታዊ መረዳእታ በቲ መምርሒ ይውሰድ።

### ናይ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊ

ምስ ቪዛ ማመልከቻ ዝተታሓዘ እቲ መምርሒ:

- ነቲ ማመልከቻ ጠቓሚ ዝኾነ መረዳእታ ንምውሳድ ሥልጣን ኣለዎ (ኣብ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ 56 ምርኣይ) ከምኡ'ውን
- ነቲ ውልቀሰብ ዚገልጽ መፍለይ ሓበሬታ ንክትህብ ክሓተኻ ይኽእል (ኣብ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ 40 ከምኡ'ውን 46 ምርኣይ)።

ቪዛ ዘምልክቱን ዝኾነ ዓይነት ቪዛ ንዝለዎም ሰባት ለውጢ እንተሃልዩ ወይኻዓ ነቲ ማምልከት ቅጥዒ ክተእትው እንከሎ ጌጋ እንተሃልይዎ ነቲ መምርሒ ክትዛረብ ኣለካ (ኣብ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ 104 ከምኡ'ውን 105 ምርኣይ)።

ንማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊን ንማይግሬሽን ደንቢታት 1994 ዓ.ም ጉዳይ ዚምልከት ሓደ ወይኻዓ ካብኡ ንላዕሊ ብሕታዊ መለለዩ ዶኾመንቲ ነቲ መምርሒ ቢሮ ክተቕርብ የድሊ ይኸውን።

ናብ ኣውስትራሊያ ክትኣትው እንከለኻ ሓደሓደ ብሕታዊ መረዳእታ ነቲ መምርሒ ቢሮ ንክትህብ ይሓተኹም (ንኣብነት፡ ፓስፖርቲን መንነትኻ ዚገልጽ መለለዩ ከምኡ'ውን ናይ ቪዛ መረጋገጺ)። ዜግነት እንተዘይብልካን ነቲ ዝተሓተተ ማስረጃ እንተዘይተዋሂቡካ ናብ ኣውስትራሊያ ከይትኣትው ይግበር (ኣብ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ 257A ምርኣይ)።

ካብ ኣውስትራሊያ ክትብገስ እንከሎ ሓደሓደ ብሕታዊ መረዳእታ ንክትሕብ እቲ መምርሒ ቢሮ ክሓተኻ ይኽእል። (ኣብ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ 257A ምርኣይ)።

ዘይሕጋዊ ንዝኾነ ዜግነት ንምልላይ እቲ መምርሒ ክሓቶ ዝኽእል:

- ናይ መንነት መረጋገጺን ናይ ቪዛ ደረጃ እዚ'ውን ናይ ግላዊ መንነት መፍለይ ዝኻተተ (ኣብ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ 188 ምርኣይ)።)
- ብዛዕባ መንነት መረጋገጺ ወይኻዓ ተጥርጣራይ ዘይሕጋዊ ነባራይን ዘይሕጋዊ ዜጋ ኣበይ ከምዘሎ ዶኩመንት ወይኻ መረዳእታ ንዝውሃበ ሰብ (ኣብ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ 18 ምርኣይ)።

ኣብ ኢሚግሬሽን ማዕሰርቲ ንዘሎ ሰብ ናይ መንነት መለለዩ መረጋገጺ ኽቅርብ ኣለዎ (ኣብ ማይግሬሽንን ናይ ማይግሬሽን ደንቢታት ደንቢ ሕጊ 3.30 ክፍሊታት 258 ከምኡ'ውን 261AA(1) ምርኣይ)።

ምስ ንግዲ ሥራሕ ደገፍቲ ዚተዛመደ፣ እቲ መምርሒን ኣግባብ ዘለዎ Fair Work Ombudsman (FWO) (ኣብ ሥራሕ ጥርዓን ሓለይቲ (FWO)) ብሕታዊ መረዳእታ ክወስድ ዝኽእሎ ካብቲ ተቖጻጻሪ ብዝውሃብ ሥልጣን ኣቢሉ ብናይ ማይግሪሽን ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ/Part 2 ብናይ ንኡስ ክፍሊ F ክፍሊ/Division 3A መሰረት ይኸውን።

ብናይ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊ ክፍል 252 ውሽጢ ብዝሎ ፍተሻ ናይ ምግባር ሥልጣን መሰረት በቲ ውልቃዊ ሰብ ዝቐረበ ዶኾመንቲ ወይኻዓ በቲ ውልቀሰብ ቁፅፅር ብዘሎ ንብረት ዝርከቡ ነገራት ሥልጣንብዝተውሃቦ ሓላፊ ተታሂዙ ክጸንሕ ከምዝኽእል፡ ንኣብነት፡ እዚ ንናይ ውልቀሰብ ቪዛ ንምስራዝ መረጋገጺ ክኸውን ይኽእል።

ነቲ ሓሶት ተመሳሳሊ ዶኾመንቲ በቲ ሓላፊ ጠጠው ማለት ክእገድ ይኽእል (ብከመይ እቲ ዶኾመንቲ ክውሰድ ከምዘለዎ ኣብ ክፍሊ 487ZJ ከምኡ'ውን Division 1 of Part 9 ናይ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊ ምርኣይ)።

### ናይ ዜግነት ኣንቀጽ ሕጊ

እቲ መምርሒ እቲ ውልቀሰብ ንናይ ዜግነት ቅድመ ኵነታት ከምዘማልእ እቲ መምርሒ ንክዕፀብ እሞ ዝተፈላለየ ብሕታዊ መረዳእታ ክወስድ ይኽእል።

ምስናይ ዜግነት ማመልከቻታት ዝተዛመደ ብሕታዊ መረዳእታ ምሕታት ይፍቀደሎም ስለዙይ እቲ ውሳነ ውሃቢ ኣካል ብናይ መንነት መፍለይ ዝተውሃበ ሓበሬታ ሕቶስ እንተዘይኮይኑ ነቲ ማመልከቻ ከየጽድቶ ይኽእል (ኣብ ዜግነት ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ/ Part 2 ኣብ ክፍሊ/ Division 5 ከምኡ'ውን ኣብ ክፍሊ/ sections 17(3), 19D(4), 24(3), ከምኡ'ውን 30(3) ንዘሎ ምርኣይ)።

ነቲ ሓሶት ተመሳሳሊ ዶኾመንቲ በቲ ሓላፊ ጠጠው ማለት ክእገድ ይኽእል (ብከመይ እቲ ዶኾመንቲ ክውሰድ ከምዘለዎ ኣብ ክፍሊ 45B, እና Division 1 of part 3 ናይ ዜግነት ኣንቀጽ ሕጊ ዝብል ምርኣይ)።

### ናይ IGOC ኣንቀጽ ሕጊ

ብናይ *Immigration (Guardianship of Children) Act 1946* (the IGOC Act) (*ኢሚግሬሽን (ንሕጻውንቲ ሓልየት ምግባር) ኣንቀጽ ሕጊ 1946* (ናይ IGOC ኣንቀጽ ህጊ)) ከምኡ'ውን ብናይቲ ደንቢታት መሰረት፤ ዕድሚኦም 21 ዓመት ወይኻዓ ካብዚ ንላዕሊ ዝኾኑ (ከም IGOC ንኡሳን ይባሃሉ). ንሓደሓደ ዘይዜጋዊ ናብ ኣውስትራሊያ ክኣትው እንከሎ ወላዲ ወይኻዓ ዘመድ ሓቢሩ እንተዘይሃልዩ ናይ ኢሚግሬሽን ሚኒስተር ሓልየት ውሃቢነት ኣለዎ።

ብናይ ሓልየት ውሃብነት ሓላፍነቶ ዝግበር ኣኼባ ንክሕግዝ ናይ IGOC ኣንቀጽ ሕጊ እቲ ሚኒስተር ብናይ ኮመንዌልዝ ወይኻዓ ምምሕድዳር ወይኻዓ ተሪቶርይ መንግሥታት ናይባዕሉ ሓልየት ምውሃብ ስልጣን ዘለዎ ተወካሊ/ተወካሊት ንክህብ እቲ ሕጊ ይፈቅደሉ ('ዝተወከለ ሓልየት ውሃቢ' ብዝብል ይጽዋዕ)። ከምኡ'ውን በቲ ጉዳይ ፍቓደኛ ዝኾነን ዚሰማማዑ ሰባት ወይኻዓ ድርጂታት ነቶም IGOC ንኡሳት 'ሓልየት ውሃቢ' ንምኻን ክመርጽ ይኽእል። ትሕቲ ናቶም ቁጽጽር ንዘሎ ሕጻን መዓልታዊ ሓልየትን ቁጽጽር ንምውሳን እቶም ሓልየት ውሃቢ ብሓፈሻኡ መሰለን ሓላፍነት ኣለዎ።

ትሕቲ ናይ IGOC ኣንቀጽ ሕጊ ንዘለው ሕጻውንቲ መዓልታዊ ሓልየትን ድሕንነት ንምርግጋጽ እቲ መምርሒ ቢሮ ብዛዕባ IGOC ንኡሳትን ናቶም ሓልየት ውሃብቲ ግላዊ መረዳእታ ይእኽብ እዩ። ንመዓልታዊ ሓልየትን ድሕንነት ንምርግጋጽ ናይ IGOC ንኡሳት በቲ ብሕታዊነት ኣንቀጽ ሕጊ መሰረት ኣድላይ እንተኾይኑ ክማላእ ኣለዎ። እቲ መምርሒ ቢሮ ካብዚ ታሕቲ ዘሎ ብሕታዊ መረዳእታ ምሓብን ክወስድ ይኽእል:

- ምምሕድዳር ግዝዓት/ተሪቶርይ ሰበሥልጣናት፣ ድሕንነት ሕጻን ዘጠቓለለ
- ንሓልየት ምሃብ ተወከልቲ
- ሓልየት ውሃንቲ
- ወለዲ፣ ሓልየት ውሃብቲን ወይኻዓ ኣዝማዳትን ወይኻዓ
- ካልኦት ናይ ኣውስትራሊያ መንግሥቲ ድርጂታት።

### ናይ ጉምሩክ ኣንቀጽ ሕግን ናይ መውጽኢ ኣንቀጽ ሕጊ

ኣብ ትሕቲ ጉምሩክን ዚወጽእ ኣንቀጽ ሕጊ ምምሕድዳር ንዘለዉ ዝተፈላለየ ግላዊን ናይ ንግዲ መረዳእታን ካልእ ምስ ኣውስትራሊያ ሕጊታት ዝተዛመደ (ንናይ ማይግሬሽንን ግብሪ ሕጊታት ዘጠቓለለ) እቲ መምርሒ ቢሮ ንምውሳድ ሥልጣን ኣለዎ። ብፍላይ እቲ መምርሒ ነዚ መረዳእታ ዝወሰደሉ ምኽንያት ንናይ ኣውስትራሊያ ዶብ ንምክልኻልን ኣብ ዶብ ንዝርከብ እቶት ንምርግጋጽ እዩ።

ብናይ ጉምርክን መውጽኢ ኣንቀጽ ሕጊታትን ብናይ ግብሪ ሕጊታት ዚተጠቀሰ ጉዳያት ንናትኻ ብሕታዊ ሓበሬታ መውሰዲ ዘለና ቅጥዒ ብሓደሓደ ጉዳያት ፍሉይ ንዝበለ መጽሐፊ መዝኸርታ ክትብሮ ይኽእል። ከምኡ'ውን በዞም ቅጥዒታት ኣቢሉ ፍልይ ዝበለ መረዳእታ ብዛዕባ ብከመይ መረዳእታ ከምዝውሰድ፣ ምጥቃምን በቲ ዶኾመንቲ ዘሎ ብሕታዊ መረዳእታ ንካልእ ሰብ ኣሕሊፍኻ ምሃብን ምስዚ ዘሎ ብሕታዊ መተሓሳሰቢ ምንባብ ከምዝግባእ እዩ።

ንኣብነት፤ ትሕቲ ናይ ጉምሩክ ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ 64ACA ከምኡ'ውን 64ACB መሰረት ብዛዕባ ናብ ኣውስትራሊያ ተጓዓዝቲን ብናይ መርከብን ኣየር ንዝመጹ ሰባት እቲ መምርሒ ቢሮ ንናይ ጉምሩክ ኣንቀጽ ሕጊ፣ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊን ካልእ ሕጊታት ሲጠቀም ሓደሓደ ብሕታዊ መረዳእታ ምውሳድ የድልይ እዩ።

### ናይ ማሪታይም/Maritime ሥልጣን ኣንቀጽ ሕጊ

ብናይ ማይ ዘሎ ዘግድዱ ድርጅታት ዘሎ እንቅስቃስ ናይ ማሪታይም ሥልጣን ሓይሊ መሰረት እቲ መምርሒ ቢሮ ግላዊ ንዝኾነ መረዳእታ ንምውሳድ ሥልጣን ኣለዎ"። እቲ ሥልጣን ሓይሊ ምስ ናይ ኣውስትራሊያ ማሪታይም ዚተዛመደ ሕጊታት ማለት ዘይሕጋዊ ዝኾነ ናይ ወጻእ ኣሳ ምጽማድ፣ ጉምሩክ፣ ማሪታይም ናይ ሕውከት ፈጣሪ መቆጻጸሪ፣ ማይግሬሽን፣ ኳራንቲን መቆጻጸሪን ዘይሕጋዊ ሓደገኛ እጽ እንቅስቃሴ ከምኡ'ውን ኣብ ባሕሪ ሃገራዊ ስምምዕነትን ምድላው ዘግድድ ሥልጣን ኣለዎ።


© COMMONWEALTH OF AUSTRALIA, 2020

### ዕቃበ ምስጢር ኣንቀጽ ሕጊ

ብናይ ዕቃበ ምስጢር ኣንቀጽ ሕጊ መሰረት ክውሰድ ዝፍቀዶ:

- ብሕጊ ፍቃድ ዝረኸበ ብጣዕሚ ተኣፋፊ ሚስጢራዊ ንዝኾነ መረዳእታ፣ ወይኻዓ ምስ ሕጊ ምግዳድ ዝተተሓዘ ሥራሕቲ፣ ወይኻዓ ባዕልኻ ፍቃድ እንተሂብካ ይኸውን
- ኣድላይ ምስዝኾነ ካልእ ብሕታዊ መረዳእታ፣ ወይኻዓ ብቐጥታ ርክቢ ንዘለዎ፤ ሓደ ወይኻዓ ንላዕሊ በቲ መምርሒ ሥራሕ ወይኻዓ ተግባር ይኸውን።

### እቲ መምርሒ ብናይ ድርጅት ሕጊ መገደዲ መሰረት ይትግብር

በዚ ዝሰዕብ ኣንቀጽ ሕጊታት ብናይ *Crimes Act 1914*, the *Criminal Code Act 1995*, the *Australian Nuclear Science and Technology Organisation Act 1987* (the ANSTO Act) and the *Independent National Security Legislation Monitor Act 2010* (*ገበን ወንጀል ኣንቀጽ ሕጊ 1914፣ ገበን ወንጀል ትግባር ኣንቀጽ ሕጊ, 1995 ኣውስትራሊያ ኑኩሊያር ሳይንስን ተክኖሎጂ ድርጅት ኣንቀስ ሕጊ 1987* (the ANSTO Act) *ከምኡ'ውን ተጽዕኖ ብዘይብሉ ሃገራዊ ድሕንነት ሕጊታት ምቁጽጻር ኣንቀጽ ሕጊ 2010*) መሰረት ናይ ሕጊ መገደዲ ድርጅት ከምዝኾነን እሞ ነዚይ ሥራሕ ንምኽያድ ብዞም ኣንቀጽ ሕጊታት መሰረት ብሕታዊ ዝኾነ መረዳእታ ክእኽብ ይኻኣል።

## ንናትኹም ብሕታዊ መረዳእታ ንወስደሉ ምክንያት

ብሕታዊ መረዳእታ ንእኽበሉ ቀንዲ ዕላማ ብዘለኻ ናይ ኢሚግሪሽን ጉዳይ ከምኡ'ውን/ወይኻዓ ምስ መሰጋገሪ መንገዲ ዜግነት ከምኡ'ውን ኣብ ዶብ ናይ ኣቕሑት ምውጻእ ምእታው ብዝተዛመደ ንናይ መምርሒ ሥራሕን ተግባር ንምፍጻም እዩ። በዚ ዝሰዕብ ፕሮግራማት ንቆጻጸር ኢና:

- ቪዛን ማይግሪሽን/ሰደተኛ
- ብናይ ጉምሩኽን መውጽኢ ዚጠቓለል ሓደሓደ ካልእ ናይ ኣውስትራሊያ ሕጊታት ማለት ንግብሪ ቀረጽ፣ ሓለዋ ጥዕና፣ ንግዲ ሥራሕ፣ ገበን፣ ንመማሃሪ ንብረትን ናይ ማሕበረሰብ መኽላኸሊ ሕጊታት ዘጠቓለለ እዩ
- ስደተኛን ብግብረ ሰናያዊ ንዝመጹ ሓገዝ ምሃብ
- ዶብ ሃገር ምቑጽጻር
- ንቪዛ ዘማልኣን ብናይ ኢሚግሬሽን ጉዳይ መፍትሒ ክረኽብ ምግባር
- ንኢሚግሬሽን ማእሰርቲ፣ ምስጓግ ወይኻዓ ናብ ክልል ሂደት ኣሰራርሓ ማእከል መምሕልላፍ (በዙይ ውሽጢ ዚየቓለሉ ውሃብቲ ኣገልግሎትን ካብ ወጻእ ሃገር ኾይኖም ከይዲ ኣሰራርሓ ንዘለዎም ዝሕግዙ ናይ ወጻእ ሃገር ስበስልጣናት ከምዝኾኑ እዚ'ውን ከም ናይ ሕጊ ላዕላዊነት ክኽበር ምግባር፣ ንሰፈራን ንገባረሰናይ ግልጋሎት ምድላው)
- ንዜግነት።

ብናይ ቪዛ፣ ደገፍ መውሃቢ፣ ንግዲ፣ ኣቕሓ ናብ ወጻእ ሃገር ምውጻእን ምእታው፣ ኳራንቲን መጻረይ ወይኻዓ ብናይ ዜግነት ማመልከቻ ኣቢሉ ዝውሃብ መረዳእታ ዚጠቅም ንመሰረታዊ ዝኾነ ጉዳይ እዩ።

ብናይ ዕቃበ ምስጢር ኣንቀጽ ሕጊ መሰረት እቲ ዝውሃብ መረዳእታ ነቲ ቐዳማይ ጉዳይ ዝምልከት ዝሓብኹሞ ብሓፈሽኡ እቲ መምርሒ ነቲ ካልኣይ ጉዳይኹም እቲ መረዳእታ ምጥቃም ይኽእል። ዋላ ምስቲ ቀዳማዋት ዝተተሓዘ ወይኻዓ ነቲ ቀዳማዋይ ዝምልከት ይኸውን። ንኣብነት፣ ኣብቲ ቪዛ ማመልከቻ ዝቀረበ መረዳእታ ምናልባሽ ደጋጊምኻ እንተሂብካዮ እሞ ምስቲ ማመልከቻ ተመሳሳሊ እንተኾይኑ ክሕግዝ ይኽእል *Freedom of Information Act 1982* (ኣብ *ሓበሬታ መሰል ነጻነት ኣንቀጽ ሕጊ 1982 ከምኡ'ውን ኣብ ዕቃበ ምስጢር ኣንቀጽ ሕጊ ውሽጢ ዝተጠቃለለ*)። ብጀኻ እዚ ካለ ብዛዕባ ማይግሬሽን ጉዳይ ክተዘራርብ ብዝተውሃበና ኣድራሻ ጌርና ብናይ ኤሌክትሮኒክ ርክብ ክንገብር ንኽእል።

## ናትኹም ብሕታዊ መረዳእታ ብናይ ኢሚግሬሽን መምርሒ እንተዘይተወሲዱ ዝመጽእ ሳዕቤን

ናትኹም ብሕታዊ መረዳእታ እንተዘይተወሲዱ ስለዙይ ንዘቅረብካዮ ናይ ቪዛ ወይኻዓ ዜግነት ወይኻዓ (ኣድላይ እንተኾይኑ) ናይ ንግዲ ሥራሕ፣ ኣቕሓ ናብ ወጻእ ሃገር ምውጻእን ምእታው፣ ንናይ ኳራንቲን መጻረይ ዝግበር ማመልከቻ እቲ መምርሒ ዝገብሮ ሥራሕ ከኻይድ ስለዘይኽእል እሞ ንኣኹም ሓጋዚ ዝኾነ ኣገልግሎት ኣየዳልውን።

እቲ መምርሒ ንናትኹም ሓበሬታ ዘይምእኻብ እሞ ነቲ ዝተውሃቦ ሕጋዊ ግደታ ክውጻእን ከማልእ ዘይኽእል ምኽኑ (ብፍላይ ምስ ቅሬታ ዚተዛመደ) ስለዙይ ብናይ ምክንኻን ውህብቶ ንዘለዎ ግደታ ወይኻዓ ንናይ ኣውስትራሊያ ኣህጉራዊ ህጋዊ ግዴታ ምጥሓስ ይኸውን።

## ንናትኹም ብሕታዊ መረዳእታ ንሳልሳይ ኣካላት ልሙድ ሚስጢር ኣወጻጽኣ

### ንዝተመረጸ ተወካላይ ሚስጢር ምሃብ

ንሓደ ሰብ እንተመሪጽኻ ማለት ከም ናይ ስድራቤት ኣባል፣ ማይግሬሽን ተወካላይ፣ ናይ ጉምሩክ ደላላይ፣ ናይ ጉዕዞ ወይኻዓ ኣየር መንገዲ ተወካላይ፣ ናይ መርማሪ መረረ፣ ናይ ፓርላማ ኣባል፣ ወይኻዓ ንኣኹም ዝውክል ጠበቓ ንዘለኻ ብሕታዊ መረዳእታ ነዞም ሳልሳይ ኣካላት ብጀኻ ከይውሃብ እንተዘይሓቲትካ ነዞም መረዳእታ ኣውጺኦም ምሃብ ይኽእሉ።

ናትኹም ብሕታዊ ሓበሬታ፤ ስፖንሰር ንትገብረሉ ወይኻዓ ንዝገብረልኻ ሰብ ሚስጢር ክወጽእ ይኽእል።

### ንኻልእ መንግሥታዊ ድርጅታት ልሙድ ሚስጢር ኣወጻጽ

እቲ መምርሒ ንዘለዎ ሥራሕ ንክቖጻጸር ብዝብል ዕላማ ኣብ ሓደሓደ ኵነታት ብሕታዊ መረዳእታ ኣውጺኡ ንኻልእ መንግሥታዊ ድርጅታት ምእንታን ንካልኦት ድርጅታት ሥራሕ ምንቅስቃስ ንክሕግዝ ኣሕሊፍኻ ናይ ምሃብ ሥልጣን ወይኻዓ ብናይ ዶብ መገደዲ ሓይሊ ኣንቀጽ ሕጊ ወይኻዓ ካልእ ሕጊታት መሰረት ብሕታዊ መረዳእታ ክህብ ኣለዎ። ንኣብነት፣ ብዛዕባ መንነትኻ ንምፍላይ፤ ነቲ ዶኩመንቲ ንዝሃበ ሰበሥልጣን ንምፍላጥ ምስቲ ዝተውሃበ መረዳእታ ተመሳሳሊነት ብምንጽጻር፤ ወይኻዓ ንናይ ቅሬታ ግዳጅ ምቍጽጻር ዘኻተተ ይኸውን።

መረዳእታ ካብንቀያየረሎም ውሽጢ ዘካትቶ ንናይ መንግሥታዊ ድርጅታት ከምዝኾኑ፤ የግዳስ በዚ ዝሰዕብ ጥራይ ውሱን ኣይኾኑን:

- ናይ ሰብዓዊ ኣገልግሎት መምርሒ (DHS) ንናይ *Social Security Act 1991* (*ንናይ ማሕበራዊ ድሕንነት ኣንቀጽ ሕጊ 1991 ዓ.ም*)፣ ንናይ *Child Support (Assessment) Act 1989* (*ደገፍ ሕጻን (ገምጋም) ኣንቀስ ሕጊ 1989*) ከምኡ'ውን ንናይ *Child Support (Registration and Collection) Act 1988* (*ደገፍ ሕጻን (ምዝገባን ሓበሬታ ምእካብ) ኣንቀድ ሕጊ 1988*)ንከማሓድር ምግባር
- ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት መምርሒ
- ናይ ሕርሻ መምርሒ ቢሮ ንናይ ኣውስትራሊያ ተፈጥሮ/ባዮስኵሪቲ ድሕንነት ኣሰራርሓን ንናይ *Quarantine Act 1908* (*ኳራንቲን ኣንቀጽ ሕዲ 1908*)፣ ንናይ *Export Control Act 1982* (*ናብ ወጻእ ሃገር ዚኸይድ ኣቕሓ ምቁጽጻር ኣንቀጽ ሕጊ 1982*) ከምኡ'ውን ንናይ *Imported Food Control Act 1992* (*ካብ ወጻእ ሃገር ንዝኣትው ኣቕሓ ምቁጽጻር ኣንቀጽ ሕጊ 1992*) ምምሕድዳር
- ንሕክምና/Therapeutic ኣቕሑት ምቁጽጻር
- ናይ ኢንዱስትሪ፤ ምሕዳስን ሳይንስ መምርሒ
- Australian Sports Anti-Doping Authority (*ናይ ኣውስትራሊያ ስፖርቲ ጸረ-ዶቢንግ ሥልጣን*) ንናይ National Anti-Doping Scheme (*ሃገራዊ -ጸረ-ዶቢንግ ሥልጣን*)
- ብናይ *Education Services for Overseas Students Act 2000* (*ወጻእ ሃገር ተማሃሮ ናይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ኣንቀጽ ሕጊ 2000 ዓ.ም*) መሰረት ናይ ትምህርቲ መምርሒ ከማሓዳድር
- *ናይ ሥራሕ ቆጻሪን ተቆጻሪ፤ ሞያ፤ ናይ ስድራቤት ንግዲ ሥራሕ መምርሒ ብዛዕባ ሥራሕን ሰራሕተኛ ኣገልግሎታት ጭቡጥ መረዳእታ ንምውድዳር።*
- ኣብ ውትሕድርና ንዘገልገሉ ሽማግለ ጉዳይ መምርሒ ናይ *Veterans' Entitlements Act 1986* (*ናይ ውትሕድርና ንዘገልገለ ሽማግለ ኣንቀጽ ሕጊ 1986 ዓ.ም*) ንምትግባር
- ናይ ኣውስትራሊያ ግብሪ ቀረጽ ቢሮ (ATO), የ *Income Tax Assessment Act 1997* (*ናይ እቶት መጠን ገምጋም ኣንቀጽ ሕጊ 1997 ዓ.ም*) ንከምኡ'ውን ካልእ ንናይ ግብሪ ቀረጽ ሕጊታት ምትግባር
- ግቡእ ናይ ሥራሕ መርማሪ መረረ (FWO), ንናይ *Fair Work Act 2009* (*ግቡእ ሥራሕ ኣንቀስ ሕጊ 2009*) ንንምትግባር
- ናይ ወጻእ ሃገር ጉዳይን ንግዲ መምርሒ (DFAT), ናይ *Australian Passport Act 2005* (*ናይ ኣውስትራሊያ ፓስፖርት ኣንቀጽ ሕጊ 2005 ዓ.ም*) ንምትግባር ከምኡ'ውን ንናይ መከላኸሊ ቪዛ ኣሰራርሓ ከይዲን ከክልተ ሃገር ዜጋ ዘለዎ ናይ ዝኾነ ወጻእ ሃገር ፓስፖርቲ ንዝፍቐደሉ ዝጠቅም መረዳእታ ካብቲ ዝመጸሉ ሃገር ንምርካብ
- ናይ ኣውስትራሊያ መረጸቲ ኮሚሽን ናይ *Commonwealth Electoral Act 1918* (*ናይ ኮመንዌልዝ መረጸቲ ኣንቀጽ ሕጊ 1918 ዓ.ም*) ንምትግባር ይኸውን።

© COMMONWEALTH OF AUSTRALIA, 2020

## ናይ ገምጋም፣ ኦዲትን መርማሪ ኣካላት

በቲ ዝተውሃበ ውሳነ ካልኣይ እንዳጋና ብሕጋዊ መገዲ ንክርኣይ ትጠርዕ እንተኾይንካ ስለዙይ እቲ መምርሒ ኣገዳሲ ንዝኾነ ብሕታዊ መረዳእታ ነቲ ጉዳይ ዝርእዮ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ወይኻዓ መደበኛ ቤት ፍርዲ ይህብ እዩ።

ምስ መርማሪ ኣካላት ብሓባር መረዳእታ ንጥቀም ኢና እዞም'እውን ከም:

- ናይ ኮመንዌልዝ መንግሥቲ መርማሪ መረረ
- ናይ ኣውስትራሊያ መረዳእታ ኮሚሽነር ቢሮ
- ናይ ኣውስትራሊያ ኣህጉራዊ ኦዲት መጻረይ
- ናይ ኣውስትራሊያ ሰብዓዊ መሰላት ሓላዊ ኮሚሽን
- ናይ ግቡእ ሥራሕ መርማሪ መረረ።

## ኣብ ህጹጽ ጸገምን ብሕጊ ምግዳድ

ምናልባሽ ኣብ ህጹጽ ኵነታ፤ ዓቢይ ጉድዓት ወይኻዓ ምሟት ክበጽሕ እንከሎ ንክተዘራርብ ንናትኻ ብሕታዊ መረዳእታ ንኣውስትራሊያ ሓለውቲ ሕጊ ድርጅታት ወይኻዓ ኣብ ህጹጽ ጸገም መዳለዊ ኣገልግሎት ክውሃብ ኣለዎ።

ከምኡ'ውን ብናይ ገበን ሕጊ ንምግዳድ ኣድላይ እንተኾይኑ እቲ መምሪያ ዘለዎ መረዳእታ ንኣውስትራሊያ (ኮመንዌልዝ፣ ምምሕድዳርን ተሪቶርይ መንግሥቲ) ንናይ ወጻእ ሰባት መገደዲ ድርጅታት ወይኻዓ ኣካላት፤ ኣድላይ እንተኾይኑ ብምግዳድ ዚተዛመደ ሥራሕቲ ማለት ከይኣትው ምግባር፣ ዕቓበ ማዕሰርቲ፣ ብመርመራ ምፅራይን ገበን ወንጀል ንዝፈጸመ መቅጻዕቲ ዚጠቓለለ ንሓለውቲ ሕጊ ድርጅታት ኣሕሊፉ ይህቦም እዩ።

## ደገፍቲ ፕሮግራማት

ብናይ ቪዛ ኣሰራርሓ ከይዲ ዝተኣኸበ መረዳእታ ምናልባሽ ኣውጺእኻ ክትህቦ ትኽእል:

- ንሓዱሽ ሰፈራ ደገፍ ንምኽያድ ብዝብል ንማሕበራዊ ኣገልግሎት መምርሒ
- ንእንግሊዝኛ ቋንቋ ሥልጠና ንምስላጥ ብዝብል ንኣንዱስትሪ፤ ምሕዳስን ሳይንስ መምርሒ ይኸውን።

## ንመንጃ ፍቃድ ሰበሥልጣናት መረዳእታ ምሃብ

ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ መንጃ ፍቃድ ክውሃበካ እንተመልኪትካ ንናይ ማይግሬሽን ፍቃድን ንናይ ሥራሕ ፍቃድኻ ዝምልከት ከምኡ'ውን ብዝኾነ መልኽእ ናይ ኣውስትራሊያ ዜግነት እንተሃልዩኻ በቲ መምርሒ ኣቢሉ መረዳእታ ንዝምልከቶ ሰበሥልጣን ይውሃብ። እዙይ መረዳእታ ዝጠቅም ናይ መንጃ ፍቃድ ክትሕዝ ከምትኽእል ዘለኻ ብቅዓት ንምርኣይ እዩ። ከምኡ'ውን ብናይ ጉምሩክ ኣንቀጽ ሕጊ መሰረት ንዝኾነ ፍቓድ ክተምልክት እንከሎ ክውሃብ ዘለዎ ፍልይ ዝበሎ ሓበሬታ ክነብር ይኽእል።

## ብሕታዊ መረዳእታ ኣሕልፍኻ ንምሃብ ሕጋዊ ፍቃድ

'ግላዊ መንነት መፍለይያ' ኣብ ገሲ 1 ተገሊጹ ኣሎ።

ብናይ ማይግሪሽን ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ/Part 4A ከምኡ'ውን ክፍሊ s43 መሰረት እቲ መምርሒ ብዝተፈላለየ ኩነታት ነቲ ግላዊ መንነት መፍለይ ንካልእ ኣካል ኣእሕሊፉ ናይምሃብ ስልጣን ኣለዎ። ንኣብነት በዙይ ዚኻተት:

- ንዓይነት ቪዛ ወይኻዓ ዜግነት ግልጺ ንምግባር
- ንናይ ገበን ሕጊ ንምግዳድ
- ምስ ኣውስትራሊያ መንግሥታዊ ድርጅት ብሓባር ናይ መንነት መፍለይ መረዳእታ ንምልውዋጥ
- ንመደበኛ ቤት ፍርዲ፣ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ወይኻዓ ኣብ ኣህጉራዊ ንዘሎ ኣካል ዝቀርብ መረዳእታ ንምድላው
- ብናይ ኣውስትራሊያ ሕጊ መሰረት ኣድላይ ኾይኑ ክርኸብ እንከሎ እዩ።

ከምኡ'ውን ብናይ ዜግነት ኣንቀጽ ሕጊ መሰረት ንዜግነት ወይኻዓ ማይግሬሽን ሕጊ ኣሰራርሓ ከይዲ ተባሂሉ እቲ መምሪሒ ንዘለዎ ናይ ግላዊ መንነት መፍለይ መረዳእታ ንኻልእ ኣካል ኣሕሊፉ ከምዝህብ እዩ።

ብናይ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ/Part 4A መሰረት እቲ መምርሒ በዚ ዝስዕብ ኵነታ ንዘሎ ብሕታዊ መረዳእታ ንኻልእ ኣካል ናይምሃብ ስልጣን ኣለዎ:

- ነቲ ጭቡጥ መረዳእታ ምስዚ ዝስዕብ ተመሳሳሊነት ምንጽጻር:
  - ንሓደ ሰብ መንነት ንምፍላይ ወይኻዓ ናይ ሃደ ሰብ ሓቃዊነት ምጽራይ
  - ኣውስትራሊያ ንዝኣትው ወይኻዓ ንዝመጹ ሰባት ዚዳለው ናይ ሥራሕ ምድላው
  - ኣብ ባህሪያዊ ጉዳይ ዘተሓሳስብ ወይኻዓ ብናይ ሃግራዊ ድሕንነት ዘተሓሳስብ ናይ ገበን ወንጀል ታሪኽ ንዘለዎ እሞ ዜግነት ዘይብሉ ሰብ ፈሊኻ ምፍላጥ
  - ኣብ ኢሚግሬሽን ጉዳይ ብዛዕባ ናይ ውግዕ ቅላስ ዘር እይ ዶኩመንቲን ናይ መጭበርበሪ እንታዋይነት ባጤራ ፈሊኻ ምፍላጥ
  - ኣብ መኽላኽሊ ቪዛ ኣሰራርሓ ከይዲ ምሕጋዝ
- ንሓደ ሰብ እንታዋይነት ፈሊኻ ምውጻእ ወይኻዓ ኣብዘለዎ ቦታ ምፍላጥ (ኣብ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊግ ክፍሊ 33FA ከምኡ'ውን 33FC ዘሎ ምርኣይ)
- ንናይ መርማሪ ኣካላት ንምግላጽ ማለት ከም ናይ ኣውስትራሊያ ኣህጉራዊ ኦዲት መርማሪ ቢሮን ናይ ኣውስትራሊያ ሰብዓዊ ሓላዊ መሰላት ኮሚሽን ዘኻይዶ መርመራ ግልጺ ምግባር
- ንሓደ ሰብ ካብ ኣውስትራሊያ ክተውጽእ ወይኻዓ ናብ ኣውስትራሊያ ክትእትው ብዝብል ምስ ወደጻእ ሃገር መንግሥታት ርክቢ ምቹ ኩነታ ንምድላው
- ነቲ ማይግሬሽን ጉዳይ ንምቁጽጻር ብዝል ዕላማ መረዳእታ ንና ፍሉይ ዝተፈልጡ ናይ ወጻእ ሃገር መንግሥታት፣ ንሓለዋ ሕጊ መገደዲ ወይኻዓ ንናይ ወጻእ ሃገር መንግሥቲ ዶብ ተቆጻጻሪ ኣካላት ወይኻዓ ንፍሉጥ ኣህጉራዊ ድርጂታት መረዳእታ ንምድላው እዩ (ኣብ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ 5A(3) ምርኣይ)
- ኣብ ኣህጉራዊ ገበን ወንጀል ዚምልከት ጉዳይያት ሓገዝ ንምርኻብ ወይኻዓ ሓገዝ ንምሃብ ይኸውን።

ብዛዕባ ግላዊ መንነት መፍለይ ብዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ ኣብ ቅጥዒ 1243i ምርኣይ።

ብዛዕባ ሰራሕተኛ ቪዛ ዚምልከት እቲ መምርሒ ብዛዕባ ሓጋዚ ስፖንሰር ወይኻዓ ቪዛ ዘለዎ ሰብ ንዘለዎ መረዳእታ ምስ ሓደሓደ ብሕታዊ ሓበሬታ ተመሳሳሊነት ንክስተካኸል ብዝብል ንካልእ ኣካል ኣሕሊፍካ ይውሃብ (ኣብ ማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ 140ZH ከምኡ'ውን ደንቢታት ቁፅሪ 2.103, 2.104 ከምኡ'ውን 2.105 ምርኣይ)።

ከምኡ'ውን ብናይ ዶብ መገደዲ ሓይሊ ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ/Part 6 መሰረት ብናይ ኢሚግሬሽንን ዶብ ዘሎ መረዳእታ (ንናይ ዶብ መገደዲ ኣንቐጽ ሕጊ ክፍሊ 4(1) ምርኣይ) እሞ ብውሱን ኵነታት ንዝተሓለወ ብሕታዊ መረዳእታ እቲ መምርሒ ንኻልእ ኣውጺኡ ንክሕብ ሥልጣን ተዋሂቡዎ እዩ። ብሓደሓደ ኵነታት እቲ ናይ ዶብ መገደዲ ሓይሊ ኣንቀጽ ሕጊ በዚ ዝስዕብ ኣካላት ብሕታዊ መረዳእታ ንክረኽቡ ይፈቕደሎም እዩ:

- ንኮመንዌልዝ፣ ንምምሕድዳር ግዝዓትን ተሪቶርይ ድርጅታት ወይኻዓ ሰበ-ሥልጣናት
- ንናይ ኣውስትራሊያ ፈደራል ፖሊስ (AFP) ወይኻዓ ንምምሕድዳር ግዝዓት ወይኻዓ ተሪቶርይ ኣገልግሎት
- ንዝሞተ መርሚሩ ዘጻርይ ኣካል
- ንኮመንዌልዝ፣ ንምምሕድዳር ግዝዓት ወይኻዓ ተሪቶርይ ሕጋዊነት ንዘለዎ ቢሮታት (ንኣብነት፡መርማሪ መረረ/Ombudsman)
- ብናይ ኣውስትራሊያ ዶብ ሓይሊ (Secrecy and Disclosure) (ሚስጢራዊን ኣሕሊፍኻ ምሃብ) ደንቢ/Rule 2015,¬ ማለት ከም ናይ ኣውስትራሊያ ቀይሕ መስቀል ማሕበረሰብ ንዜኣመስሉ ኣካላት ወይኻዓ ሰባት
- ንወጻእ ሃገር ወይኻዓ ሕዝባዊ ዓለምለኸ ድርጅት።

ይኹን'እምበር ብናይ ዶብ መገደዲ ሓይሊ ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ/Part 6 መሰረት ዘድልይ ፍሉይ ቅድመ ኵነታት ብተወሳኺ ብናይ ዶብ መገደዲ ሓይሊ ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ/Part 6 መሰረት ዚወጽእ ብሕታዊ መረዳእታ ውሕቦ ፍቓድ በዚ ላዕሊ ንዘለዉ ኣካላት ሓዲኡ ጥራይ ይኸውን። ንኣብነት፡ በዚ ዝስዕብ ንሓዲኡ ዚምልከት ዕላማታት ዘጠቓለለ:

- ንምምሕድዳር ወይኻዓ ንገበን ወንጀል ሕጊ መገደዲ ወይኻዓ ምስ ንግዲ ዚምልከት ሕጊ
- ንዝሞተ ሰብነት ሕቶ መርመራ ወይኻዓ ሕቶ ንክሕግዝ
- ንሕዝባዊ ሓለዋ ጥዕና ምክልኸኻል፤ ወይኻዓ ንሓደ ሰብ ወይኻዓ ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝኾኑ ሰባት ሕይወት ወይኻዓ ድሕንነት ንምክልኻል
- ብናይ *Census and Statistics Act 1905* (ሕዝቢ ቆፀራን ስታቲስቲክስ ኣንቀጽ ሕጊ *1905*) ወይኻዓ ብናይ *Australian Bureau of Statistics Act 1975* (ኣውስትራሊያ ቢሮ ኦፍ ስታቲስቲክስ ኣንቀጽ ሕጊ *1975*) መሰረት መረዳእታ ስዝታቲስቲክስ ምእኻብን ግልጺ ምግባር
- ንሕዝባዊ ሓብቲ ንምክልኻል
- ንናይ ሓደ ሰብ መንነት ወይኻዓ ዜግነት ወይኻዓ ናይ ቪዛ ኵነታ ንምፍላይ


© COMMONWEALTH OF AUSTRALIA, 2020

- ናይ ኣውስትራሊያ ዜግነት ንዘይብሎም ሰባት ኣገልግሎታት ንምሃብ
- ንሃገራዊ ጸረ-ምቕራብ ኣሰራርሓ ንምቁጽጻር
- ምስ ኢሚግሬሽን፣ ኳራንቲን ዚተዛመደ ወይኻዓ ኣብ ሞንጎ ኣውስትራሊያን ወጻእ ሃገር ንዘሎ ዶብ ንምቁጽጻር
- ብዝተፈላለየ ሕጊታት ዝተኻተተ ማለት ብናይ Customs Act, Migration Act, Maritime Powers Act, Citizenship Act, IGOC Act, (ጉምሩክ ኣንቀጽ ሕጊ፤ ዜግነት ኣንቀጽ ሕጊ፤ IGOC ኣንቀጽ ሕጊ፤ ወዘተ.) ጉዳያት ንዘጠቓለለ
- ንጠር መከላኸሊ ሓይሊ ወይኻዓ ኣህጉራዊ ድሕንነት ንዚተዛመደ ጉዳይ ይኸውን።

ከምኡ'ውን ንዕቓበ ብሕታዊ መረዳእታ እቲ ግለሰብ ንክወጽእ ፍቓድ እንተሂቡ እቲ መምርሒ ኣሕሊፉ ንኻልእ ኣካል ዝሀበሉ እቲ መረዳእታ ብምውጻእ ነቲ ውልቀሰብ ንምክልኻል ወይኻዓ በቲ ሓያል ንሕይወት ዘፍርሕ ጸገም ንምቅናስ ወይኻዓ ናይ ውልቀሰብ ጥዕና ንምክልኻል ጠቓሚ እንተኾይኑ ወይኻዓ እቲ መረዳእታ ሕጋዊ ብዝኾነ መገዲ ንሕዝባዊ ቅድም ክብል እንተተዋሂቡ እዩ።

በቲ ናይ ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ/Part 6 ሓደሓደ ፍቓድ መሰረት ነቲ ዶብ መገደዲ ሓይሊ ኣንቀጽ ሕጊ ክፍሊ/Section 51 ወሲድኻ ንብሕታዊ ኣንቀጽ ሕጊ ጉዳይ ብዝምልከት መረዳእታ ኣውሲእኻ ንምሃብ ይፈቅደልኻ እዩ።

ብተወሳኺ'ድማ እቲ መምርሒ ብናይ ሠራሕተኛ ምቁጻር ወይኻዓ ኣገልግሎት ንምሃብ እንተኾይኑ በቲ ዶብ መገደዲ ሓይሊ ኣንቀጽ ሕጊ መሰራት ብናይ ኢሚግሬሽንን ዶብ መከላኸሊ ዘሎ መረዳእታ ንምውጻእ ይፈቅደልኻ እዩ። ከምዚ ዓይነት ብሕታዊ መረዳእታ ክወጽእ እንከሎ ብናይ ብሕታዊ ኣንቀጽ ሕጊ መሰረት ከምዝኸውን እቲ መምርሒ ከረጋግፅ ኣለዎ።

ከምኡ'ውን ውሱን ብዝኾነ ኩነታት ምስ ጉምሩክ ሕጊታት ዚተዛመደ ማለት ከም ጉምሩክ ኣንቀጽ ሕጊን ደንቢታት ዚተዓቐበ ብሕታዊ መረዳእታ እቲ መምርሒ ንኻልእ ኣካል ኣሕሊፉ ናይምሃብ ስልጣን ኣለዎ።

## ብምቅያር ቦታ ንዘሎ ምዝገባ ምንጋር

ካብ ኣውስትራሊያ ዚወጹን ንዝመጹ ተጓዓዝቲ ክብገሱን ክበጽሑ ሪኮርዲ መዝገብ ብናይ ምቕያር ቦታ ዚብል መትሓዚ ጭብጢ ሓበሬታ ውሽጢ ይቅመጥ እዩ። ምናልባሽ በዚ ዝስዕብ ጉዳይ ብዝብል ክወጽእ ይኽእል:

- ንማይግሬሽን ኣንቀጽ ሕጊ
- ን *Family Law Act 1975* (*ናይ ስድራቤ ሕጊ ኣንቀጽ ሕጊ 1975 ዓ.ም*)
- ንጉምሩክ ወይኻ ንቀረጽ ግብሪ ሕጊታት
- ተፈሊዩ ንዝጸንሓሉ ወይኻዓ ናይ ጥዕና ሕጊታት
- ንሕጊ መገደዲ
- ናይ *Education Services for Overseas Students Act 2000* (*ንወጻእ ሃገር ተማሃሮ ናይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ኣንቀጽ ሕጊ 2000 ዓ.ም*)
- ብናይ ኮመንዌልዝ፣ መምሕዳር ግዝዓት ወይኻዓ ተሪቶሪ ሕጊ ኣወጻጽኣ ከምተገልጾ እዚ'ውን ከም ንመጀመርታ ግዘ በዓልንብረት ዝኾኑ ፕሮግራማት ወይኻዓ ናይ ሕጻውንቲን ወይኻዓ ናይ ገባረሰናይ ፕሮግራማት ይቆጻጸር እዩ።

## ሕጋዊ ንዝኾነ መገደዲን ምስዚ ዚተዛመደ ጉዳያት መረዳእታ ኣውጺእኻ ምሃብ

ምስ ሕጋዊ ዝኾነ መገደዲን ምስዚ ዚተዛመደ ጉዳያት (ብናይ ማይግሬሽን/ ስደተኛን ዜግነት ኣንቀጽ ሕጊ ከምኡ'ውን ብናይ መገደዲ ተግባራት ኣቢሉ ብናይ ካልኦት መገደዲ ኣካላት መሰረት ንመገደዲ ተግባራት ዘኻተተ) ብናይ ሕጋዊ ዝኾነ መገደዲን ብዝተዛመደ ጉዳይ በቲ መምርሒ ኣቢሉ ነቶም መረዳእታ ንኽልእ ኣሕሊፉ ናይ ምሃብ ኰነታ ከምተለምደን እሞ በዚ ዚኻተት:

- ናይ ኣውስትራሊያን ናይ ወጻእ ሃገር ሓላዊ ሕጊ መገደዲ ድርጅታት ንዝድለይ ገጸ ባሕሪ መርመራ ንምግባርን ንምግዳድ
- ናይ ኣውስትራሊያን ናይ ወጻእ ሃገር ሓላዊ ሕጊ መገደዲ ድርጅታት ከምኡ'ውን ናይ ሓበሬታ ኣኻቢ ድርጅታት ወይኻዓ ኮሚሽናት፣ ልሙድ ናይ ሃገራዊ ፖሊስ ኣገልግሎት፣ ኣህጉራዊ ፖሊስ፣ ብሃገራዊ ዶብ ዘዓለመ ማእከል፣ ገበን ጠጠው መግበሪ/ CrimTrac, AusTRAC ስርዓት ተቆጻጻሪ ኮሚሽናት፣ ንሕቶ ናይ ፓሪያመንት ኮሚሽናት፣ ኣህጉራዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲን ናይ ወጻእ ሃገር ኢሚግሬሽን በዓል ሥልጣናት ኣብ ኢሚግሬሽን ንዝግበር ምትላል፣ ሃገራዊ ድሕንነት ጉዳያት ፈሊኻ ንምፍላጥ ወይኻዓ ኣብ ጠርነት ወንጀል ተሳትፎ ንዝጥርጠር ወይኻዓ ብኣንጻር ሰብዓዊ ገበን ተሳትፎ ዝጥርጠሩ ሰባት ፈሊኻ ንምፍላጥን መርመራ ንምግባር እዩ።
- ናይ ኣውስትራሊያ ኮሚሽን ሕጊ መገደዲ ምስ ናይ *Law Enforcement Integrity Commissioner Act 2006* (*ሕጊ መገደዲ ሕባራዊ ኮሚሽነር ኣንቀጽ ሕጊ 2006 ዓ.ም*) ብሓባር ኾይኑ ንምምሕድዳር እዩ።
- ሰባት ምስ ሥራሕ ቪዛ ደረጃ ዚተዛመደ ንዘለዎም ሕጊ እንተጢሂሶም ስለዙይ ኣበይ ከምዝሰርሑ ን ATO, DHS ኸምኡ'ውን ካልእ ናይ ኮመንዌልዝ ወይኻዓ ናይ ምምሕድዳር ግዝዓትን ተሪቶርይ ድርጅታት ንምሕባር
- ዘይሕጋዊ ዝኾኑ ዜጋታት ከምዘለዉ ናብ AFP ከምኡ'ውን ናብ ኣውስትራሊያ ፖሊስ ሰራዊት ንምሕባር
- ናይ ሕዝባዊ ኣቃቤ ሕጊ ከሳሲ ዳሬክተር ንማይግሬሽን ወይኻዓ ንዜግነት ቢሮታት ክሲ የዳልዉ
- ናይ ወጻእ ሃገር መንግሥታት ዘይሕጋዊ ንዝኾኑ ዜጋታት ንምስጋግ
- FWO፤ ፍቓድ ዘለዎን ናይ ትምህርት ትኻላት፣ ቆፀርቲ፣ ስፖንሶር ዝተገበሩ፣ ንስፖንሶር ደገፍ ዝገበሩ ሰባትን ምስቲ ቪዛ ኩነታን ስፖንሶር ንምኳን ዘየማልኡን ቆጸርቲ ሓንደበታዊ ናይ ሥራሕ መልቀቂ መተሓሳሰቢ ብምሃብ ሕጊ ንዝጥሕሱ ይኸውን
- ንሕጊ መገደድቲ ወኺላት ማለት ብዛዕባ ብሕታዊ ናይ ቪዛ ኣመልከቲን ሓተትን ብናይ ስደተኛን ናይ ሰብዓዊነት ፕሮግራም መሰረት ንዝዳለው ሕቶ ምስ AFP (ኣውስትራሊያ ፌደራል ፖሊስ) ዚተዛመደ ዝኾነ ሕጋዊ መገደዲ ወይኻዓ ናይ ሃገራዊ ድሕንነት ዚምከት ጉዳያት ዘኻተተ ይኸውን።

## ከም ሕጊ መገደዲ ድርጅት ብናይ መምርሒ መረዳእታ ኣሕሊፍካ ንኻልእ ምሃብ

በዚ ዝስዕብ ኣንቀጽ ሕጊታት ብናይ *Crimes Act 1914*, the *Criminal Code Act 1995*, the *Australian Nuclear Science and Technology Organisation Act 1987* (the ANSTO Act) and the *Independent National Security Legislation Monitor Act 2010* (*ገበን ወንጀል ኣንቀጽ ሕጊ 1914፣ ገበን ወንጀል ትግባር ኣንቀጽ ሕጊ, 1995 ኣውስትራሊያ ኑኩሊያር ሳይንስን ተክኖሎጂ ድርጅት ኣንቀስ ሕጊ 1987* (the ANSTO Act) *ከምኡ'ውን ተጽዕኖ ብዘይብሉ ሃገራዊ ድሕንነት ሕጊታት ምቁጽጻር ኣንቀጽ ሕጊ 2010*) መሰረት ንሓደሓደ ጉዳያት እቲ መምርሒ ናይ ሕጊ መገደዲ ድርጅት ከምዝኾነ እሞ በዞም ኣንቀጽ ሕጊታት መሰረት ንናቱ ሥራሕ ንምፍጻም ክብል ብሕታዊ ዝኾነ መረዳእታ ንኻልእ ኣኻል ኣውጺኡ ክህብ ይኽእል።

## ምስቲ ፕሮግራም ዚተታሓዘ ካልእ መረዳእታ ኣውጺእኻ ምሃብ

### ንውሕስና ደገፍ

ምስ ውሕስና ዝሕቡ ሰባት ዚተዛመደ ንመተሓጃ ዚተኸፈለ ግንዘብ ገንዘብ ንክምለሰ ምምችቻው ወይኻዓ ዕዳ ንምምላስ ንዝኽፈል ንክጻረ ብዝብል ሴንተርሊንክ መረዳእታ ይህብ እዩ።

### ሥራሕን ሰራሕተኛ፣ ኣቕርቦት ርሂጸ በላዕ/ሰራሕተኛ ናይ ንግዲ ሥራሕ ክዕለት

ብዛዕባ ናትኹም ናይ ማይግሬሽን ኰነታ፣ ናይ ሥራሕ ፍቃድ ምንባርን ነቲ ቆጻሪ ዘለኻ ናይ ቪዛ ዓይነትን ግዘ፣ ንናትኻ ግልጋሎት ብናይ ሰራሕተኛ መዳለዊ ኣማሓድራ ኣቢሉ ንዝጥቀም ናይ ሰራሕተኛ መዳለዊ ሳልሳይ ኣካላት እቲ መምርሒ ዘሎ መረዳእታ ክህቦም ይኽእል። ንኣብነት፡ ናይ ሥራሕ ማመልከቻ ተእትወሉ ግዘ እሞ ምሥራሕ ከምዝፍቀደልካ መረዳእታ ነቲ ቆጻሪ ወይኻዓ ናይ ሰራሕተኛ መዳለዊ በቲ መምርሒ ሓበሬታ ክውሃብ ይኽእል።

ከምኡ'ውን እቲ መምርሒ መረዳእታ ኣውጺኡ ንኻልእ ክህብ ዝኽእል ንምምሕዳር ግዝዓትን ተሪቶርይ ናይ ኢኮኖሚ ልምዓት መምርሒን ብናይ ሥራሕ ሞያ ንዝመጹ ማይግራንት ብዛዕባ መንግሥቲ ንግዲ ሥራሕ ሓበሬታ ኣገልግሎታት ንክትረኽብ ዝሕግዙ ድርጅታት ነቲ መረዳእታ ኣውጺእኻ ምሃብ ይኻኣል።

### ስልጠናን ትምህርቲ

ብሕታዊ መረዳእታ ምናልባሽ ክወጽእ ዝኽእል:

- ንDFAT, ንኢንዱስትሪ መምርሒን ንትምህርቲ መምርሒ ከምዝኾነ እዚ'ውን ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ስልጠና ወይኻዓ ክማሃሩ ንዝደልዩ ተማሃሮ ንምህጋዝ እዩ
- ኣብ ኣውስትራሊያ ብናይ ርሂጸ በላዕ ሰራሕተኛ እዳጋ ዚወጸ ንድፊ ሓሳብ ኣብ ሥራሕ ቦታ ከይዲ ንዝፍጠር ጸገም ብሥራሕን ሰራሕተኛ መምርሒ ኣቢሉ ይውሰን
- ናይ ወጻእ ሃገር ሞያ ብቅዓት፣ ንሓደሓደ ናይ ቪዛ ዓይነት ብናይ ትምህርቲ መምርሒን ብዝተወከለ ሰበስልጣናት ኣቢሉ ፍተሻ መርመራ ንዝገብሩ
- ብናይ ጒርዞ ማይግራንት/ስደተኛ እንግሊዝኛ ፕሮግራም ጌሮም እንግሊዝኛ ቋንቋ ትምህርቲ ንዘዳልዉ ናይ ትምህርቲ ትኻላት
- ንናይ ውሃብቲ ትምህርቲ ሕጊታት ዚጠቅሙ መንግሥታዊ ኣካላት።

### ጥዕና

ንናትኻ ቪዛ ማመልከቻ ተባሂሉ ብዝቀረበ ናትኻ ወይኻዓ ናይ ስድራቤትኻ መረዳእታ ጥዕና ንመንግሥቲ ሓለዋ ጥዕና ድርጅታትን ንሕክምና መዳለውቲ እቲ መረዳእታ ኣውጺእኻ ምሃብ ከምዝኽኣል እሞ ነቲ ቪዛ ንክውሃብ ገምጋም ክግበር እንከሎ ናይ ጥዕና ቅድመ ሕቶ ዝተማልኣ ንምኺኑ ክሕግዞም፤ ናይ ጥዕና ቅድመ ሕቶ ክልኣል ከምዘለዎ ወይኻዓ ንሕዝባዊ ሓለዋ ጥዕና ጸገም ኣተሓሕዛ መጽናዕቲ ጌሮም ውሳነ ንምሃብ እቲ ሓበሬታ ይውሃብ።

### ብስደተኛን ብግብረ ሰናያዊ ንዝመጹ ከምኡ'ውን ኣብ ዶብ ወሰን ምክልኻል

ብናይ ስደተኛን ግብረ ሰናያዊ ንዝኣተውን ናቶም ደገፍቲ ስፖንሶርስ (ተግባራይ እንተኾይኑ) ንዘለዎም ብሕታዊ መረዳእታ እቲ መምርሒ ኣውጺኡ ብናይ ግብረ ሰናያዊ ሰፈራ ኣገልግሎት ትሕቲ ኮንትራክት ምስዝገበሩ መዳለዊ ኣገልግሎታት ነቲ መረዳእታ ይለዋወጥ እዩ።

ብዛዕባ ዕቍባ ሓታቲን ንመከላኸሊ ዘምልክቱ ወይኻዓ ብናይ ግብረ ስናያዊ ቪዛ ዘምልክቱ ሰባት ንዘለዎም ብሕታዊ መረዳእታ እቲ መምርሒ ኣውጺኡ ንሕቡራት መንግስታት ናይ ስደተኛታት ላዕላዋይ ኮሚሽን (UNHCR) መረዳእታ ምሃብ ከምዝኽእልን እሞ ብግብረ ሰናያዊ ወይኻዓ ብመከላኸሊ ቪዛ ንዘመልከቱ ግላዊ መንነቶም ንምፍላይ እዩ።

ከምኡ'ውን ንማይግሬሽን ዝዳለው ኣገልግሎታት ምእንታን ክሕግዝ ብዝብል እቲ መምርሒ ብሕታዊ መረዳእታ ንኣህጉራዊ ድርጅቲ ኣሕሊፉ ክህብ ይኽእል።

### ማእሰርቲ

ብዛዕባ ኢሚግሬሽን እስረኛታት ዚምልከት ብሕታዊ መረዳእታ እቲ መምርሒ ኣውጺኡ ክህቦ ዝኽእል:

- ንምምሕዳር ግዝዓትን ተሪቶርይ ገባረ ሰናይ ድርጅታት እሞ ካብ ማእሰርቲ ካልእ መማረጺ ውዳበ ምድላው፤ ዓጃቢ ዘይብሉ ዓቅመ ኣዳም ዘይበጽሓ ወይኻዓ መጒዚት እሞ ናይ ኣካልን ኣእምሮ ጉድዓተኛ ዝኾኑ እስረኛታት ሓልየት ምክንኻን ንምሃብ
- የኢሚግሪሽንን ስልጣን የሚገልጽና ወደ መገልገያ ለማስተላለፍ የአስተዳደር ግዛትና ተሪቶርይ ጠባይ ማረሚያ አገልግሎቶች
- ናብ ካልእ ሃገር ንክማሓለፊ ዝሕግዙ እሞ ኣብ ወጻእ ሃገር ኾይኖም ነቲ ከይዲ ኣሰራርሓ ውሃብቲ ኣገልግሎት
- ንቤት ትምህርታት፣ ንሕክምና ሰበሞያዎታትን ንሓለዋ ጥዕናን ድሕንነት መዳለዊ ኣገልግሎታት፣ ወይኻዓ ንናትኹም ኣገልግሎት ውሃቢ ወይኻዓ ንስኻ ወይኻዓ ስድራቤትኻ ክትወጽኡ ንምሕጋዝ ኵነታ ዘማኣራርይ ማይግሬሽን መማኽርቲ እዩ።

### ናይ ሕጻውንቲ ድሕንነትን መከላኸሊ

ናይ ሕጻውንቲ ከምኡ'ውን/ወይኻዓ ናይ ሕጻውንቲ ወለዲ/መጒዚት/ሓልየት ውሃብቲ ዘለዎም ብሕታዊ መረዳእታ ክወጽእ ዝኽእል ንሕጻውንቲ ገባረሰናይ፣ ድሕንነትን መከላኸሊ ድርጅታት፣ ንናይ ምምሕድዳር ግዝዓት/ተሪቶርይ ገባረሰናይ ሕጻን ድርጅታት፣ ንናይምምሕድዳር ግዝዓት/ተሪቶርይ ፖሊስ ወይኻዓ ካልኦት ጠቃሚ ንዝኾኑ ናይ ኣውስትራሊያ መንግሥቲ ድርጅታት:

- ኣብ ኢሚግሬሽን ማእሰርቲ ከምኡ'ውን/ወይኻዓ ኣብ ማሕበረሰብ ውሽጢ ክንክንን ድሕንነትን ንምቅንጃውን ንምቊጽጻር
- ዘይግቡእ ጸርፊ ወይኻዓ ሸለል ምባል በጺሑ እንተኾይኑ ምጽራይ
- ናይ ጒዕዞ መደባትን ዶኾመንቲ ንምቅላል።

ብዘኽታም ናብ ኣውስትራሊያ ካብዝመጹ ሕጻውንቲ ዚተዛመደ መረዳእታ ንምምሕዳር ግዝዓትን ተሪቶርይ ገባረ ሰናይ ድርጅታት፤ ንኣውስትራሊያ ማዕኸላይ ማደጒ ሰበስልጣናትን ኣብ ኣውስትራሊያ ሃገር ውሽጢ ማደጎ ሕጻን ኣሕሊፉ ምሃብ ይኻኣል።

### ንመጒዓዚያ ዶኾመንቲ ንምርኻብ ንኢምባሲታት፣ ንላዕላዋይ ኮሚሽንን ኮንሱላት ዝውሃብ ሓበሬታ

ንመበገሲ ብዝብል ቪዛ እንተተዋሂቡኻ ወይኻዓ ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ብዘይሕጋዊ ትነብር እንተኾይንካ ካብ ሃገር ንክትወጽእ ትጽብይት ኣሎ። ሕጋዊ ናይ መጒዓዚያ ዶኩመንቲ በቲ ዝተወሰነሉ ናይ ግዘ ገደብ ውሽጢ እንተዘይሂዝኻ ወይኻዓ እንተዘይረኺብካ ስለዙይ እቲ መምርሒ ናኣኹም ተወካሊ ብምኻን ሓደ ክውሃበኻ ማመልከቻ ምእታው ዝተለምደ ሥራሕ እዩ። እዚ'ውን ካብ ሃገር ክትወጽእ ምድላው ንምግባር እድል ይኸፍተልካ።

ናይ መጒዓዚያ ዶኩመንቲ ንምድላው ግቡእ ኢምባሲ፣ ላዕላዋይ ኮሚሽን ወይኻዓ ኮንሱላት ካብቲ መምርሒ ዝረኽቦ መረዳእታ ብውሑድ ጥራይ እዩ። በዙይ ዝጠቓለል ዝኽእል፡ ናትኹም ስም፣ ብ እዋኑ ንዘለኻ ዝርዝር ፓስፖርት መግለጺ ወይኻዓ ካልእ መለለይ ዶኩመንቲታትን ዝርዝር ኣድራሻ ይኸውን።

### ዜግነት

ብጀኻ ግላዊ መንነት መፍለይ እቲ መምርሒ ብሕታዊ ሓበሬታ ከውጽእ ዝኽእል:

- ንናይ ዜግነት ስነ-ስርዓት ንምትእንጋድ ብዝብል ንከባቢ መንግሥታዊ ቤት ምኽሪታትን ካልኦት ድርጅታት ይውሃብ
- ብዛዕባ ኣውስትራሊያ መዓርግ ንዝቀረበ ማመልከቻ መርመራ ንምግባር ተባሂሉ ብሓለቓ-ኣማሓዳሪ ቢሮ ንዝፍለጥን ንጠቅላይ ሚኒስተር መምሪያ ከምኡ'ውን ንሚኒስትራት ኣኼባ ካቢነት ይውሃብ
- ኣብ ኣውስትራሊያ ማሕበረሰብ ውሽጢ ንሓደሽቲ ዜጎች እንኳዕ መጻእኹም ንምባል ንፓርላማ ኣባላትን ንከባቢ መንግሥቲ ኣማኻሪ ከንቲባ ይውሃብ እዩ።

### መጽናዕቲ ማይግሬሽን

ኣብዚ እዋን ንዘሎን ቕድሚ ሕጂ ንዝነበረ ናይ ዓሚላት መረዳእታ መጽናዕቲ ንክትገብረሉ ይጠቕም እዩ። ንምዕባለ ፖሊሲን ወይኻዓ ፕሮግራም መርመራ መጽናዕቲ ብዝብል ዕላማ ብሕታዊ መረዳእታ ንካልኦት ድርጅታትን ኮንትራክት ንዝገበሩ ሳልሳይ ኣካላት ኣሕሊፍኻ ምሃብ ይኻኣል። ንመጽናዕቲ ተባሂሉ ብናይ ኮንትራት ነቲ መረዳእታ ዝጥቀሙሉ ፍሉጥ ንዝኾነ ዕላማ ጥራይ ከምዝኾነን እሞ መጽናዕቲ ክውድኡ እንከሎ ካብ ጥቅሚ ወጻእ ክድምሰስ ኣለዎ። ነቲ መጽናዕቲ ተባሂሉ ዝተኣኸበ ጭቡጥ መረዳእታ ናይ መን ምኻኑ ኣይፍለጥን።

ብናይ ዝተፈላለየ ማይግሬሽን ፕሮግራማት ኣብ ቀረባ እዋን ንዝኣተውን ንሓደሽቲ ሰፈርቲ ንሕዝቢ ቆጸራ ብዝተዳለወ መጽናዕቲ መግለጺ ትንተና ንምግባር ተባሂሉ ብሕታዊ መረዳእታ ንኣውስትራሊያ ስታስቲክስ ቢሮ ኣሕሊፍካ ምሃብ ይኻኣል።

ንሰፈራ ንድፊ እቅድ ንምውጻእ ወይኻዓ ንሰፈራ ኣገልግሎታት ንምድላው ክሕግዝ ተባሂሉ ምስ ሓዱሽ ዝመጹ ዚተዛመደ መረዳእታ ምናልባሽ ንምምሕዳር ግዝዓትን ተሪቶርይ ድርጅታት ወይኻዓ ንማይግራንት ኣገልግሎት ድርጅታት ኣሕሊፍካ ምሃብ ይኻኣል።

## ቀንዲ ኣህጉራዊ ፍጻመ በዓላት

ብናይ ቀንዲ ኣህጉራዊ ፍጻመ በዓላት ዘተሓባብሩ ናይ ኣውስትራሊያ መንግሥታዊ ድርጅታት ብሕታዊ መረጃ ምሃብ ማለት ንናይ ምምሕዳር ግዝዓትን ተሪቶርይ ድርጅታት ዘኻተተ ግላዊ ሓበሬታ ኣሕሊፍካ ምሃብ ከምዝኻኣል፤ ዓቢ ናይ ስፖርቲ ውድድርን ጸወታታት፣ ኣህጉራዊ ኣመራርሓ ዘለዎ ናይ ምምሕዳር ግዝዓትን ተሪቶርይ ኣኼባታት፣ ማሕበራዊ፣ ባይላዊ ወይኻዓ ብሓይማኖታዊ ኣኼባ ወይኻዓ ክብረ በዓላት ብናይ ኣህጉራዊ ደረጃ ዘኻተተ ይኸውን።

ከምኡ'ውን ንናትኹም ኩነታ ንምቅንጃው ስሚዒት ንዘይነኽእ ሓበሬታ እቲ መምርሒ ምስ ኣውስትራሊያን ኣህጉራዊ ድርጅታት ብሓባር ኾይኑ ንክጥቀም ይኻኣል ይኸውን።

## ብዛዕባ ናይቲ መምርሒ ዕቃበ ምስጢር ፖሊሲ መረዳእታ

ናይ መምመምርሒ ዕቃበ ምስጢር ፖሊሲ ኣብ ዌብሳይቲ፡ **https://www.homeaffairs.gov.au/access-and-accountability/our-commitments/privacy** ይርኸብ።

በቲ ፖሊሲ ውሽጢ ዚጠቓለል መረዳእታ ብዛዕባ:

- በቲ መምርሒ ዝተትሓዘ ብሕታዊ መረዳእታ ብኸመይ ምርኻብ ከምዝኻኣልን ክስተኻኽል ከምዘለዎ
- ብዛዕባ ዕቃበ ምስጢር ሕጊ ምጥሓስን ንመምርሒ ቅሬታ ክሲ ትገብረሎ ከይዲታት ብኸመይ ጥርዓን ክተእትው ከምትኽእል።


© COMMONWEALTH OF AUSTRALIA, 2020

# ንወጻእ ሃገር ተቐበልቲ ንዘለኻ መረዳእታ ኣሕሊፍኻ ምሃብ

እቲ መምርሒ ብናይ ወጻእ ኢንፎርሜሽን ተክኖሎጂ/ IT ኮንትራክተራት፤ እዚ'ውን ኣብ ወጻእ ሃገር ንዝርኸቡ መዳለውቲ ዘኻተተ ጭቡጥ መረዳእታ ክሕዝዎን ንኻልእ ኣሕሊፎም ንክሕቡ እዩ።

ኣብ ሓደሓደ ኩነታት ብሕታዊ መረዳእታ ብናይ ወጻእ ሃገር ንዘለው መዳለውቲ ኣሕሊፍና ክንሕብ ንኽእል። መብዛሕትኡ ግዘ እቶም መዳለውቲ ኣብ ትነብረሉ ወይኻዓ ካብ ተበገስኻሉ ሃገር እዮም (በዞም ሃገራት ብምቅዋም ንመከላከሊ ዕቁባ ማመልከቻ ኣቕሪብካ እንተኾይንካ እሞ ነዞም ሕቶታት ክሳብ ገምጋም ዝግበረሉ ግዘ ትጽበይ እንተዘይኾንካ)። እዚ ብናይ ቅድሚያ ተሳፋራይ ኣሰራርሓ ከይዲን ናይ ኤሌትሮኒክስ ቪዛ ኣሰራርሓ ከይዲ ንክዳለው ተባሂሉ ንኣየር መንገዲ ወይኻዓ ንጉዕዞ ድርጅት ዚውሃብ መረዳእታ ዘኻተተ እዩ።

ከምኡ'ውን እቲ መምርሒ ምስ ኣውስትራሊያ መረዳእታ ክለዋወጥ ስምምዕነት ምስዝገበሩ ሃገራት ወይኻዓ ምስ ዓለምለኸ ኣህጉራዊ ድርጅታት ማለት ሕቡራት መንግሥቲ/United States ዩናይትድ ኪንግዶም፤ ካናዳን ኒውዚላንድ ጥራይ ዘይተወሰነ መረዳእታ ይለዋእጥ እዩ። በዞም መረዳእታ ምልውዋጥ ኣቢሉ ንናይ ባዮመትሪክስ (መለለዩ ግለሰብ መንነት) ምልውዋጥ ክነብር ይኽእል።

ምስናትኹም ናይ ግላዊ መንነት መፍለይ ዚመሳሰል እንተሃልዩ ስለዚዩ ንዘለኻ ናይ ሕይወት ታሪኽ መረዳእታ፣ ናይ ጉዕዞ ቅዳሕ ወረቀቲን ካልእ ናይ መንነት መለለይ ዶኩመንቲ ወይኻዓ በዞም ውሽጢ ንዘሎ ዝኾነ መረዳእታ፣ ብናይ ኢሚግሬሽን ዘለኻ ታሪኽ (እዚ'ውን ኣብ ኢሚግሬሽን ናይ ምትላልን ዝተፈጸመ ገበን ወንጀል ዘኻትት ዚኽእል) ከምኡ'ውን ንዝኾነ ፍጻመ ወንጀል መረዳእታ እንተሃልዩ ስለዚዩ እቲ መምርሒ ንዘለኻ ሓበሬታ ከውጽእ ይኽእል።

ናይዚ መረዳእታ ምውጻእ ዕላማ ብናይ ተመሳሳላይ ባጤራን ተመሳሳሊ ሕቶ ምስ ካልኦት ድርጅታት ዚፍለጥ ንናትኻ መንነት መረዳእታ ንምጽራይ ከምዝሕግዝ እዩ።

ካብ ዶብ ሃገር ወጻእ ኾይኑ ብናይ ግብረ ሰናያዊ ወይኻዓ ናይ መኸላኸሊ ቪዛ ማመልከቻ ተእትው እንተኾይንካ እሞ ዚውሰኖ ብፍላይ ንዘመካትኻዮ ኣንጻር ሃገር መንግሥቲ መሰረት ብምግባር ስለዝኾነ ስለዚዩ እቲ መምርሒ ንዘለኻ መረዳእታ ነቲ ዝምልከቶ መንግሥቲ ኣሕሊፉ ከምዝህብ፤ ከምኡ'ውን ኣውስትራሊያ ውሽጢ እንተዘይኾይንካን ንስኻ፥

- ናብዚ ሃገር ንክትምለስ እንተሃቲትኻ ወይኻዓ እንተተስማሚዕኻ፤ ወይኻዓ
- ብናይ ኣውስትራሊያ መኸላኸሊ ምሃብ ግደታ ዘይብሉ ውልቀሰብ እንተኾይንካ።

| | |
|---|---|
| *የሽፋን ገጽ* | **www.homeaffairs.gov.au** |
| *ንሓፈሻዊ ሕቶ መስመር* | ብተለፎን **131 881** ኣብ ሥራሕ ሰዓታት ኣውስትራሊያ ውሽጢ ኾይንኻ ንስልኪ ኦፐሪተር ንክተዘራርብ (ካብዞም ሥራሕ ሰዓታት ወጻእ ዝተቀድሓ ድምጺ ሓበሬታ ይዳለው)። ካብ ኣውስትራሊያ ወጻእ እንተኾይንካ በጃኹም ብከባቢኹም ንዝርኸብ ናይ ኣውስትራሊያ ልኡኻት ኣዘራርቡ። |